*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*ማእከላይ ባይቶ*

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**
**المجلس المركزي**

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
CENTRAL COUNCIL

# *ደምዳሚ መግለጺ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ*
# *ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ*

*ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ) ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ ዕለት 16 ክሳብ 18 ጥቅምቲ 2020 ኣካይዱ። እዚ ኣኼባ'ዚ ኣብ መጀመርታ ርብዒ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ንምክያዱ ተመዲቡ'ኳ እንተነበረ፣ ብስንኪ ምስፍሕፋሕ ለበዳ ቫይረስ ክሮና (ኮቪድ 19) ክካየድ ኣይተኻእለን።*

*ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣብ ምጅማር ኣኼብኡ ጸብጻባት ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ተኸታታልን ተቖጻጻርን ኣካልን ሰሚዑ። ስራሓት ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣኼበኛታት በቢመዳያቱ ተኻትዮም፡ ፖለቲካዊ ጉዕዞ ዉድብና ብወድዕነት መዚኖም። ከምኡ'ዉን ኣብ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ዘትኮረ ብሃናጺ ክትዓትን፡ ብግሉጽነትን ብነቐፈታን ርእሰ ነቐፈታን፡ ሓያልን ድኹሙን ጎድንታት ናይቲ ዝተኻየደ ዕዮ ብግቡእ ገምጊሙ። ኣብ መላእ ኩርነዓት ዓለም ተዘርጊሑ ዝርከብ መሰረታት ግሃድኤ ብዲሞክራስያዊ ማእከልነት ተማእዚዙ፡ ክይተሓለለን ልዑል ሃገራዊ ንቕሓት ወኒኑ ሃገራዊ መስመር ዉድቡ ንምዕዋት ዘካየዶን ዘካይዶ ዘሎን ቃልሲ፣ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ መጒሱ። እቶም ዝቐረቡ ጸብጻባት ዝተፈላለዩ ትካላት ውድብ ድሕሪ ዓሚቍ ክትዕን ወድዓዊ ገምጋማትን፣ ውሳኔታትን ለበዋታትን ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኣመልኪቱ ዝተፈጸሙ ስራሓትን ዝተራእዮ ሕጽረታትን ብግቡእ ድሕሪ ምግምጋም 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ኣጽዲቕዎ። ካብዚ ብምንቃል ድማ፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ፣ስርዒታዊ ዲሲፒሊን ብዘይትንክፍ፣ ውድባዊ ኣካላት ብግቡእ ንምንጥጣፍ ዝዓለመን፣ ንሓባራዊ ስራሓትና ብዘዕዝዝን፣ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት እንካይዶ ዕማማት ክብ ንምባልን፣ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሓን ብዓቢ ደረጃ ክንግልገለሉ ተዳላይነቱ ዕዙዝ ምኳኑ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ንኹሎም ሓለፍቲ ትካላት ብዕቱብነት ክሰርሕሉ ተማሕጺኑ።*

*ሃገርና ኣብ ትሕቲ ገባቲ ምሕደራ ምልካዊ ጉጅለ ህግዲፍ ተረምሳ ትነብር ዘላ ሃገር ብምኳና፡ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝብና ኣብ ኩሉ መዳያት መሰላቱ ተነፊግዎ ኣሰቃቒ ህይወት የሕልፍ ምህላዉ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ጉጅለ ህግደፍ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ልዑላዉነት ሃገርና ንዋጋ ዕዳጋ ዘሳጥሕ ድጉል ዕላማ ሒዙ ይዳዓዝ ምህላዉ ከም ጸሓይ ቀትሪ በሪሁ ይርከብ። ወግሐ ጸብሐ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዉግእ ንምጽሕታር ዝፍጽሞ ዘሎ ወስታታት ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ከቢድ ጉድኣት ከስዕብ ምኳኑ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣሚቱ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1998 ዓ.ም. ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋ ዘሕዝንን ዘይርሳዕ ኣሉታዊ ስምብራት ዝሓደገን ተመኩሮ ስለ ዝኾነ፣ ሕጂ'ውን ህዝብና እንደገና ናብ ዉግእ ንኸይሸመም፡ ማሕበረ ሰብ ዓለምን፡ ሕቡራት መንግስታትን፡ ሓድነት ኣፍሪቃን፡ ሕብረት ኤዉሮጳን፡ ከምኡ'ውን ሰላምን ርግኣትን ዘገድሶም መንግስታትን ኣብ ልዕሊ ገባቲ ጉጅለ ህግዲፍ ኣድላዪ ጸቕጢ ክገብሩ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ተማሕጺኑ። ከምኡ'ዉን ጎረባብቲ ሃገራት ብፍላይ፣ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከኣ ብሓፈሻ፣ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ህግዲፍ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ናብራን ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ዘሎ ሰፍ ዘይብል ግህሰት መሰላትን፡ ግቡእ ኣቓልቦን ቆላሕታን ክወሃቦ ማእከላይ ባይቶ ጸዊዑ።*

*ህዝቢ ኤርትራ፣ ምስፍሕፋሕ ፋይረስ ክሮና ንምግጣም ኣብ ትሕቲ ዝብል ምስምስ ገባቲ ስርዓት ነቲ ኣዳኒፉ ዘሎ ጸገም ንምፍታሕ ኣብ ክንዲ ዝጽዕር፣ ንህዝብና ኣብ ፍጹም ከበባ ኣእቲዩ ኣብ ከቢድ ዓጸቦ ከም ዘወድቖ ገይርዎ ምህላዉ፣ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ብኣትክሮ መዚኑ። ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ኣስታት 30 ዓመታት ዘርኣዮ ምምሕዳራዊ ፍሽለትን ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ማሕበራውን፣ ምጣነ-ሃብታውን፣ ፖለቲካውን መዳያት ዝተራእዩ ጸገማት ንህዝብና ከቢድ ጸገማት ኣውሪሶም ይርከቡ። ኣብ ማሕበራዊ መዳይ ንኣብነት ዝተፈጥረ ብርሰትን ምስፍሕፋሕ ድኽነትን ከይኣክል፡ መንእሰያትና ሃገሮም ራሕሪሖም እግሮም ናብ ዝመርሖም ክስደዱ ምግዳዶም፣ ኮነ ኢልካ በዚ ኣሬሜናዊ ስርዓት ዝፍጸም ዘሎ ሓደገኛ ናይ ምጽናት ስትራተጂ ምኳኑ ዳርጋ ኩሉ ዝከታተሎ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። ህዝብን ሃገርን ካብዚ ኣዕናዊ መርሆ ንምድሓን፡ ኩሎም ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለዉጥን ፍትሕን፡ ዓቕምታቶም ኣስሚሮም ነዚ ስርዓት ንምእላይ ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ ከኻዕብቱ ማእከላይ ባይቶ ኣዘኻኺሩ። መሰረታዊ ለዉጢ ኣብ ሃገርና ክዉን ንምግባርን፡ ነዚ ገባቲ ጉጅለ ኣሊኻ ፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ሃገር ንክንሃንጽ ኩሎም ሃገራውያን ብዕቱብነት ክቃለሱ ንጽባሕ ዘይበሃል ዕማም ምኳኑ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣረጋጊጹ።*

መነባብሮ ህዝብና ካብ ዕለት ናብ ዕለት ናብ ዝበኣሰ ይሰጋገር እናሃለወ፣ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ሽፋን "ስምምዕ ሰላም" እቲ ዘይብሩሁን ኣጠራጣሪ ዝምድናታቱ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይቐጽሎ ኣሎ። ካብ'ቲ ኣዚዩ ኣሻቓሊ ዝኾነ ጉዳያት ከኣ፣ ውልቀ መላኺ ኤርትራ ወግሐ ጸብሐ ውዲታዊ መርሆኡ ዘንጸባርቕ፣ ንልዑላውነት ሃገርና ዝፈታተንን፣ ነቲ ምእንቲ ናጽነትን ሃገራዊ ክብርን ብህዝብና ዝተኸፍለ ሰፍ ዘይብል ግቡእ ገዝሚ ዘናሽው መግለጺታት ከቃልሕን ኣነዋሪ መርገጻት ክውስድን ተራእዩ። እዚ'ውን ጥራሕ ኣይኮነን። እዚ ገባቲ ጉጅለ'ዚ ኣብዚ ውሽጢ 30 ዓመታት እቲ ዝተሓተ ሰብኣዊ መሰላት ግሂሱ፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታትና ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ዳጒኑ፣ ንመንእሰያትና ኣብ ገደብ ኣልቦ ዕስክርና ስለ ዝሸመሞም፣ ብዙሓት ካብኣቶም ናብ ስደት ከምርሑ ተገዲዶም ኢዮም። ሕቶ ሓርነትን፣ ሰብኣዊ መሰላትን፣ ግዝኣተ ሕግን፣ ምርግጋጽ ርግኣትን፣ ምቕራብ መሰረታዊ ኣገልግሎትን፣ ምርግጋጽ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየትን፣ ካብ'ቶም ብደረጃ መንግስታትን ሃገራትን ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስርዑ'ኳ እንተኾኑ፣ ኣብ ኤርትራ ግን ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፣ እዞም መሰረታውያን መሰላት ምርኻብ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ጉዳይ ኮይኑ ምህላዉ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣረጋጊጹ።

ኩነታት ኤርትራዊ ተቓውሞ ደምበ ብዝምልከት 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ሃገራዊ ሓላፍነትን ናይ ምርድዳእን መንፈስን ሰፊኑ ምህላዉን፣ ናይ ሓባራዊ ስራሓትን ብምኽያድ ሃገራዊ ዕዮ ተቓውሞ ንምብራኽ ብዙሕ ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉ ብምግንዛብ መጒሱ።

ግሃድኤ ምስ ዝተፈላለዩ መሓዙት ኤርትራዊ ውድባት ዘካየዶም ዘተታትን ውጽኢታቶምን ብዑምቀት መዚኑ። ዝተኻየዱ ዘተታት ዕዙዝ ኣገዳስነት ከም ዘለዎም ድሕሪ ምርግጋጽ፣ ኣብ ዝሓለፈ መዋእል ቃልሲ ዝተራእዩ ፍሹላት ተመክሮታት ንኸይድገሙ ብደቂቕ ክግምገሙ ከም ዝግባእ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ርእዩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፣ ህልዊን መጻእን ሃገርናን ህዝብናን ተሳጢሑሉ ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታት ንምብዳህ፣ ንሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮ ንምዕዛዝ ዘኽእሉ ኣገባባት ንምርካብ ክብላሓቱ ጸዊዑ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ግሃድኤ ካብሉ ዝጥለብ ንምምላእ ድሉው ከም ዘሎ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ህዝብና ንዓሰርታት ዓመታት ዘማዕድዎ ለውጢ ክውን ንምግባር፣ ብፍላይ ድማ እዚ ዘለናዮ እዋን ካብ'ቶም ዝሓለፉ መድረኻት ዝሓሹ ዕድላት ተኸሲቶም ብምህላዎም ብግቡእ ንክንጥቀመሎም፣ ዝካየድ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ዓይነታዊ ዝላ ንምርግጋጽ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት ኤርትራ ዓቕምታቶም ብሓባር ጸሚዶም ክቃለሱ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ጸዊዑ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ (ኤሃባደለ)፡ ኣብ ትሕቲኡ ብርከት ዝበላ ዉድባትን ሰልፍታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ወከልቲ ማሕበረ-ኮማትን ዝጠርነፈ ሃገራዊ ጽላል ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብ ዉሽጢ እዚ ሃገራዊ ዓዉዲ ዝካየድ ምቕርራብ፡ ናብ ሓድነት ዘምርሕ ደራኺ ፖለቲካዊ ዕላማ ዝሓዘ ምዃኑ ብምእማን፡ ምርባሕ ዉድባትን ሰልፍታትን ወጊድካ፡ ሓያልን ጥርኑፍን ደምበ ተቓዉሞ ዘዉሕስ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ግሃድኤ፡ ካብ'ዚ እምንቶ ዝተበገሰ ወድዓዊ ሃናጽን ስነ-ሓሳባዊ፡ ናይ ዘተ ሸማግለ ኣቑሙ ምስ ዝተፋላለያ ዉድባትን ሰልፍታትን ሰፊሕ ዘተ ንምኽያድ ቀጻሊ ተበግሶታት ክገብር ጸንሑን ኣሎን፡፡ እታ ነዚ ዕማም'ዚ ዝተመዘዘት ሸማግለ ዘተ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ኣዎንታዊ ዉጽኢት ምዃኑ ድሕሪ ምግምጋሙ፡ ማእከላይ ባይቶ ነቲ ሸማግለ ዘተ ዘረጋገጸቶ ዉጽኢት ኣሞጊሱ። ሕቶ ሓድነት ብዝምልከት ከኣ፡ ማእከላይ ባይቶ፡ ብዓብይ ተገዳስነትን ዑምቆትን ተማይጡ፡ ናብ ተግባራዊ መደብ ዕዮ ዘምረሐ ድልዱል ባይታ ዘጣጥሕ ኣገዳሲ ስትራተጂካዊ ዉሳኔታት ኣጽድቑ።

3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ነቲ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝረአ ዘሎ ቅልዉላዉን ዘይቅሱን ሃዋሁን ብተጋዳስነት ድሕሪ ምርኣይ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪን፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብኡ ሰፊኑ ዘሎ ዝተፈላለየ ዉጥናትን ንሱ ዘስዕቦ ቁሩቁሳትን፣ ከም ውጽኢቱ ከኣ ዝርአ ጽልዋ ጂዮ ፖለቲካ (Geo-political Influence)፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ሃገራዊ ልዑላውነትናን ክሕድሮ ዝኽእል ኣሉታዊ ተጽዕኖታትን፡ ማእከላይ ባይቶ ዘለዎ ስክፍታን ክኸሰቱ ዝኽእሉ ምናልባታትን ኣቕሚጡ ብዓብይ ኣትኩሮን ወድዕነትን ነቲ ንሃገርና ከቢቡዋ ዝርከብ ኩነታት ገምጊሙ።

ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ቅሉዉላዉን፡ ኣብ መንጎ ፈደራል መንግስትን ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን እንዳ በረኸ ዝኸይድ ዘሎ ምትፍናን፣ ንኢትዮጵያውን ዝምልከት ውሽጣዊ ጉዳዮም ክንሱ፡ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ ዝገብሮ ዘሎ ኢድ ምትእትታዉ ብዝሰፋሐ ኣካላት ህዝብና ዝኹነን ምዃኑ፡ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣስሚሩሉ። ኣብ ኢትዮጵያ ሰላምን ቅሳነትን ክሰፍን ጻዕሪ ናይ ኩሎም ኣህዛብ ኢትዮጵያ ዝሓትት ኣብ ርእሲ ምዃኑ ንሕና'ውን ከም ጎረቤት ሓው ህዝቢ፣ ኩሎም ኣካላት ኢትዮጵያ ሓድነቶም ንምዕቃብን ፍልልያቶም ብመሰረት ዝተሰማምዕሉ ሕገ-መንግስቲ ንኸፈትሕዎ ማእከላይ ባይቶ ጸዊዑ። ኣብዚ ኩነታት'ዚ ክንጠቕሶ እንደሊ ጉዳይ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ኤርትራዉያን ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ እቶም ንመሰል ህዝቦምን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገሮም ንምርግጋጽ ክቃለሱ ዝርከቡ ተጋደልቲ፡ ግዳይ ግብረ ሽበራ ኣካላት ጸጥታ ህግደፍ ንኸይኮኑን፣ ኣብ ልዕልኦም ዝኾነ ጉድኣት ንኸይፍጸምን፡ ማእከላይ ባይቶ፡ ንዝምልከቶም ሰበ ስልጣን ምሕጽንትኡ ኣመሓላሊፉ።

ብዛዕባ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ብዝምልከት 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ፡ ነቲ ኣብታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታትን ብናህሪ ዝኸይድ ዘሎ ምዕብልናታትን ገምጊሙ። ሱዳን ካብ'ዚ ዘለዎ ቅልዉላዉ ተናጊፉ፣ ሰላምን ስኒትን ዝሰፈናን ሓድነታ

*ዝሓለወትን መሰል ዜጋታት እተኸብርን ሃገር ኮይና ክትቕጽል፣ ኣብ ዞናና ርግኣትን ሰላምን ንኽሰፍን ዓቢ ግደ ኣለዎ ክብል ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ እምነቱ ገሊጹ።*

*ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ምስራቕ ሱዳን ሰፊኑ ዘሎ ወጥርን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዘጋጠመ ረጽምን ኣመልኪቱ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣዚዩ ከም ዘግህዮ ብምግላጽ፣ ካብዚ ኩነታት'ዚ ንምውጻእ ኩሎም ተቐናቐንቲ ኣካላት ነቲ ኩነታት ብልቦናን ብልዝብን ክኣልይዎ ጸዊዑ። ዝተፈላለዩ ደቂ ምስራቕ ሱዳንን ካልኦት ብቐረባ ነቲ ኩነታት ዝከታተሉ ኣካላትን ብተደጋጋሚ ይሕብርዎ ከም ዝጸንሑ፣ ገባቲ ጉጅለ ህግዲፍ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉጅለታት ምስራቕ ሱዳን ኣእዳዉ ኣእትዩ ግርጭታቶም ኣብ ምብላሕ ግደ ኣለዎ ዝብል ሓያል ምልክታት ከም ዘሎ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣዘኻኺሩ። በዚ እከይ ተግባር ኣቢሉ ርግኣትን ሰላምን ሱዳን ንምዝራግ ዝሓለነ ኢዩ ክብል ወሲኹ። ካብዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፣ ኩሎም ፖለቲካውን ህዝባውን መራሕቲ ናይቲ ስተራቲጂካዊ ድሕሪ ባይታ ኤርትራ ዝኾነን ምስ ህዝቡ ድማ ዝተኣታተወ ዝምድና ዘለና ምስራቕ ሱዳን ነቲ ሰፊኑ ዘሎ ቅልውላው ብዘተን ንኹሉ ብዘዕግብ ኣገባብን ክፈትሕዎ ማእከላይ ባይቶ ምሕጽንትኡ ኣቕሪቡ። ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ብሓፈሻ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከኣ ብፍላይ፣ ኣካል ናይቲ ዝኸይድ ዘሎ ግርጭታታት ኢዩም ዝብል ናይ ጸለመ ወፈራ ብገለ ኣካላት ሱዳን ክስንዘር ምርኣይና ኣዚዩ ዘገርም ምዃኑ ብምግላጽ፣ እቶም ኣቐዲሙ ብሰንኪ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ቀጺሉ'ውን ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ ብሰንኪ ምልካዊ ምሕደራ ህግዲፍ ዝተሰደዱ ኤርትራውያንን፣ ኣብ ሱዳን ንዓመታት ክነጥፉ ዝጸንሑ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሓው ህዝቢ ሱዳን ፈጺምም ኢድ ኣእታውነት ከም ዘይነበሮምን ሕጂ'ውን ከምዘይብሎምን ታሪኽ ዝምስክሮ ዘየካትዕ ሓቂ ኢዩ። ህዝቢ ሱዳን ማሕበራዊ ዝምድናታቱ ዓቂቡ ሃገራዊ ሓድነቱ ከውሕስ ናይ ዘልኣለም ምንዮት ኤርትራውያን ከም ዝኮነ ማእከላይ ባይቶ ኣረጋጊጹ።*

*ሃገር ሱዳን ዓሰርተታት ኣሻሓት ኤርትራዉያን  ስደተኛታት ዘዕቆበ ጎረቤት ሃገር ከም ምዃኑ መጠን፡ ሕጂ'ውን ብቐጻሊ ብሰንክ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎን ዝጸንሐን ከቢድ ፖለቲካዊ ሽግራት፡ ሃገሮም ራሕሪሖም ዶብ ክሰግሩ ዝግደዱ ዘለዉ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ፡ ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላቶም ተሓልዩ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ንኸይወርድ፡ ማእከላይ ባይቶ ንሰበ ስልጣን ሱዳንን ንዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላትን፡ ምሕጽንታኡ ኣመሓላሊፉ።*

*ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣመልኪቱ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ዓሚቝ ዘተ ኣካይዱ። ሱዳንን ኢትዮጵያን የመንን ኣብ ሃገሮም ስደተኛታትና ኣዕቂቦም፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ትካላትን ሃገራትን ምስ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኣይዎ ምድንጋጽ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ክብ ዝበለ ምስጋና ብምቕራብ፣ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ትካላትን ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ምትሕብባርን ክገብሩ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ተሪር ምሕጽንታ ኣመሓላሊፉ። ሰበ ስልጣን ሊብያ። ነቶም ኣብ ጉዕዞ ስደቶም ብሰንኪ ኣስገርቲ ዶብ ንሓደጋ ዝሳጠሑ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ህይወቶም ንምድሓንን ጉዳዮም ብመሰረት ኣዳማሳዊ ሕግታትን ስምምዓትን ግቡእ ፍታሕ ንክግበረሉን፣ ጉዳዮም ናብ ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ትካላት ንከመሓላልፉ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕጽንትኡ ኣቕሪቡ።*

*ዞባዊ ኣህጉራውን ኩነታት ብግቡእ ድሕሪ ምምዛን፣ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ኣብ የመንን ሊብያን ዝካየድ ዘሎ ብረታዊ ጎንጺ ኣዚዩ ዘሕዝን ምዃኑ ብምግላጽ፣ እቶም ተገራጨውቲ ኣካላት ፍልልያቶም ብልዝብን ብሰላማዊ ኣገባብን ክፈትሕዎ ጸዊዑ።*

*3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፣ ነቲ ኣብ ውሽጥን ኣብ ስደትን ዝነብር ህዝብናን፣ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታትን፣ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን፣ ናይ ጸጥታ ኣካላትን ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ዝሰርሑን፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓንን ንዝተረጋገጹ ሃገራዊ መኽሰባትና፣ ብፍላይ ድማ እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእቲይዎ ዘሎ ሃገራዊ ልዑላውነትና ንምዕቃብን ክበገሱ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ጸዊዑ፣*

*3ይ ስሩዕ ኣኼባ ኣብ መደምደምታ ኣኼብኡ መድረኻዊ መደብ-ዕዮ ድሕሪ ምጽዳቕ፣ ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ክልተ ኣባላት ተኸታታልን ተቖጻጻርን ኣካልን ብምምራጽ ኣኼብኡ ብክብ ዝበለ ናይ ቃልሲ መንፈስ ዛዚሙ።*

*"ድሕነት ሃገርን ህዝብን ልዕሊ ኩሉ" !*

*ዓወት ንፍታሓዊ ቃልሲ ህዝብና*
*ውድቀት ንምልካዊ ጉጅለ ህግዲፍ*
*ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና !*

*ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*19/10/2020*